# እሰይ ሃበርም



ነኸስቲ ኣብ ሪሞም  ሃበርም  ደቀይ
ሰብ መትከል ዕላማ ወረስቲ ኣሰረይ
ኮሪያልኩም ይብል ኣሎ ደቂ ሓላል
ቀሲና ሃገር  ደቂ ራብዓይ ግንባር

እሰይ ኮሪዐ ብርከኹም ትጽናዕ
ሓሳድ ይድፈነልኩም ኣባይኩም ይገዳዕ
ሃበርም ደቀይ ውርስኹም ኮይኑ ምጽናዕ
ኣናብስ ዘርኢ ጀጋኑ  ደቀይቀሲነ ኣገናዕ

ይብለኩም ኣሎ ሰስኑለይ እልፊ ኣእላፋት ኩኑ
ተሓቢኒ ህዝቢ ብኣኹም ቀሲኑ
እዛ ሃገር ገለ ኣለዋ ዘወራረስ ዕትብታ
ኣለኹልኪ ዝብል ዘውሕስ ክብረታ

መንነቱ ዘኽብር ርጋጽ ኣሰር ዘድምቕ ሓየት
ኒሕ ዝወርሰ ኮርዒዳ ኣፍርያ ዝጎየላ ንዕብየት
ክንደይ ተዓዲላ እዛ ቅድስቲ መሬት መሬት ሕድሪ
ዓይኒ ሓሳድ ይድፈነልኩም ይሓልኹም ፈጣሪ

ቅርዓት  ደንበኹም  ሃገር ዝሸትት
ቅኒት ህርመት  ልብኹም ሃገር ዝምህልት
ኣንታ ክንደይ ትርሕስ እዛ መሬት ዓደቦኹም
ሰውድለይ ይብለኩም  ኣሎ ተሓቢኑ ብውዕሎኹም

እቶም ንፍልሰትኩም እኪይ ዝሓለሙ
ደም ይጥዓሞም ሕጂ ከብዶም ይሕመሙ
ማሕላኹም ሃገር ደቂ ክብርቲ ባንዴራ
ኣንታ ክንደይ ተዓዲላ እዛ ምድረ ሓላላት ኤርትራ

ኣጆኹም ደቂ ራብዓይ ግንባር ደቂ ኣናብስ
ቀሲና እያ ሃገር ኣፍርያ ኣብ ኣሰር ዝነክስ
ኣብ ዝሃለኹም ሃሊኹም ኢድኩም ትጠቕዑላ
እዛ ሓላል መሬት ኣያታትኩም ክንደይ ተዓዲላ

ይብለኩም ኣሎ ናህርኹም የሕንኑ
ደለይቲ ዝርገትኩም ዕደ ነስኡ ማይ ይሕቆኑ
እሰይ ተሓቢነ እንቋዕ ተካእቲ ፈረኹሙለይ
ሽሕን ዋልታን ኩኑ መታን ክመልእ ደንበይ

እሰይይይይ እሰይይይይ




ኣሸናፊ ኣብርሃም ( ኣሼ)  /   ጀርመን